# ሃገርዊ ዋዕላ ሓደ ንጹር መገዲ ድሕነት ኢዩ

ብበላይ መስፍን ጀርመን

ክሳዕ ሕጂ ዘሎ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘገምታዊ ምንባሩ ማንም ኣሉ ዘይብሎ ሓቂ ኢዩ፡ ይኹን እምበር ከይዱ ከይዱ፡ እቲ ናይ ሓቂ ልቦናን ክእለትን ኤርትራውያን ዘንጸብርቕ ውጽኢት ከም ዝርከቦን፡ኣብ መወዳእትኡ ኩሉ ዝሕጎሰሉ ከም ዝኸውንን ዘጠራጥር ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ ሓደ ከም ህዝቢ ኣርትራ ዝኾነ በሊሕ ህዝቢ ኩልሻዕ ክውጻዕ ኣይነብርን ኢዩ፡ ብትኩርነት ሽግሩ ዝፈትሓላ ሓንቲ ማዓልቲ ድማ ክትህሉ'ያ። ካብዚ ኣራኣእያ እዚ ተበጊስና ክንግምግም ከለና፡ ሃገራዊ ዋዕላ ክልተ ዓይነት ውጽኢት ክርከብዎ ከም ዝኾነ፡ ነቶም ኩሎም ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝከታተሉ ኤርትራውያን ንምግምጋሙ ዘጸግሞም ኣይ ኮነን፡ ንሱ ካኣ ከምዚ ዝስዕብ ክመስል ይኽእል ኢልካ ክትሓስብ ይካኣል።

እቲ ሓደን ኣውራን፡ እቲ ክሳዕ ሕጂ ተጠርዩ ዘሎ ተሞክሮ እንተጠቒሙ፡ እሞ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ውህሉል ተሞክሮኡ ብምብጋስ ኩሉ በብወገኑ ብብቕዓት ዝለለዩ ሰባት መሪጹ ብምልኣኽ ነቲ ዋዕላ እንተገጢሙዎ፡ ሕጂ ብዘይ ውዓል ሕደር ዓዲ ዘእቱ ውጽኢት ክርከቦ ይኽእል እዩ፡ እዚ ንኽኸውን ግን ኩሉ እቲ ናብ ጉባኤ ዝቐርብ ህዝቢ ሓሲቡን ንኹሉ ነገራት ኣጽኒዑዎን ተቐሪቡሉን ጸኒሑ ምስ ዝኸይድ ኢዩ።

ነዚ ክውን ንምግባር ካኣ፡ ከም ቅድመ ኩነት እቲ ኩሉ ኣብ ዋዕላ ዝካፈል ብዛዕባ ዋዕላ ዝምልከት ብሳይበር ማለት ብተለፎን ብስካይፕ ወይ ብፓልቶክ፡ ክሳዕ እቲ ማዓልቱ ዝኣክል፡ ዘተታት ከካይደሉ እንተጸኒሑ፡ ነቲ ናይ ዋዕላ ጉዳይ፡ ብሓጺርን ብኣወንታዊን ከምቲ ኩሉ ዝጽበዮ ኮይኑ ዝፍታሓሉን መገዲታት ክድህስስ ስለ ዝካኣል፡ እቲ ጉባኤ ዕውትን ውጽኢታውን ክኸውን ይኽእል።

እቲ ካልኣይ ካኣ እቲ ነገር ብቕልጡፍ ኣብ መወዳእታ ክበጽሕ እንተዘይካኣለ፡ ሓደ ንህዝቢ ኤርትራ ከሳኒ ዝኽእል ጥዑይ ሓሳባት ተረኺቡ፡ ንኹሉ ዝጥርንፍ ንጹርን ኩሉ ዝቕበሎን ኣገባብ ቃልሲ ፈጢሩ፡ ነቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ናህሪ ከም ዝውስኽ ዝገብርን፡ ዓወት ከቃላጥፍ ዝኽእልን ኩሉ እወ ኢሉ ዝቕበሎ መደባት ምትላም የድሊ፡ ምኽንያቱ ህዝብና ብተባራረይቲ ገዛእትን፡ እቲ ፈላላዪ መገዲ ናይ ገዛእቲ ተኸቲሉ ንህዝቢ ፋሕ ፋሕ ከብል ዝጸንሐ ጠቕመ ፈሊጣዊ ስርዓትን፡ ንጠቕሞም ክብሉ ንህዝብና ንመዋእል ክብትንዎ ስለ ዝጸንሑ፡ ህዝብና ብቐሊሉ ክሳማማዕ ዝኽእል ኣይኮነን፡ እቲ ንቓልሲ ዘየንህር ዘሎ ምኽንያት'ውን ንሱ'ዩ።

ይኹን እምቤር ህዝባዊ ቃልሲ ከምቲ ኩሉ ዝደልዮ ኮይኑ ከይተፈትሐን ኣብ መወዳእታ ከይበጽሐን፡ ጠጠው ክብል ባህርያቱ ስለ ዘይኮነ፡ እንተ በቲ እንተ በቲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መወዳእታ ፡ ነታ ኩሉ ህዝቢ ዝጽበያ ፍታሕ፡ ክበቕዓን ከምቲ ኩሉ ህዝቢ ዝደልዮ ጌሩ ክፈትሓን ኢዩ፡ እዚ ጠቒሰዮ ዘለኹ ቀዳማይ ይኹን እዚ ካልኣይ ከም ውጽኢት ክርኤን ህዝቢ ኤርትራ ዝቐስነሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ይኹን ነባሪ ሰላም ክውን ኣብ ምግባር ክንዕወት ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ሰፊሕ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ዋዕላ ተሓታቲ ኢዩ።

ኣብዚ ክንፈልጦ ዘለና፡ እቶም ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ዝካፈሉ ንህዝቢ ኤርትራ ወኪሎም ኢዮም ዝካፈሉ ዘለው ስለ'ዚ እቲ ቀንዲ ዘድሊን ክግበር ዘለዎን እቲ ጉባኤኛ ጸገም ህዝብን ሃገርን ቀዳምነት ሂቡ ክዝቲ ኣለዎ ምኽንያቱ ብምሉኡ እቲ ጉዳይ ሃገር፡ ኣብዚ ጉባኤ እዚ ክንውድኦ ኣይንኽእልን ኢና፡ እቲ ሓፈሻዊ ብዛዕባ ሃገርናን ህዝብናን ክንብሎን ክንገብሮን ዘለና ኣብ ዓዲ ህዝብና ዓይኑ እናረኣየን እዝኑ እና ሰምዐን ምሉእ ተኻፋልነት ህዝቢ ዘለዎ ኮይኑ ምስ ዝግበር ኢዩ፡ ውሑስን ነባርን ዝኸውን።

ኣብዚ ጉባኤ እዚ ንዓዲ ብኸመይ ንኣቱን፡ ምስቲ ግዳይ ናይቲ ጨካን ስርዓት ኮይኑ ዘሎ ህዝብና ተሓዊስና ብሓባር ኺናን፡ ንኹሉ እቲ ዘሎ ሽግራት ኣብ ምፍታሕ ዘትኮረ ዘተ ጌርና፡ ንህዝብና ካብ ዘሎ ሓሳረ መከራ ነናግፍን ንሃገርና ናብ ርጉእ ኩነታት ነሰጋግርን ኣብ ዝብል ኣትኪልና፡ እቲ ስርዓት ኣብ ምውዳቕን ብባይቶ ዝግዛእ ስርዓተ ምሕደራ ኣብ ምትካልን ዝብልን ዝሓጸረን ክኸውን ኣለዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ብምሉኡ ወታሃደር ይኹን ሲቪል፡ ሃብታም ይኹን ድኻ፡ ቀሺ ይኹ ዓለም፡ እቲ ስርዓት ንኹሉ መንፈሱ ቀቲሉ ኣብ ትሕቲ ራዕዲ ኣእትዩ ኢዩ ዝሳቐዮ ዘሎ፡ ኣብ ኤርትራ ሎሚ ሓደ ብሰብኣዊ ይኹን ብመንፈሳዊ ኣታሓሳስባ ዝበሰለ ሰብ ምኽሩ ክልግሰሉን ምእንቲ ድሕነት ህዝቡ ዓው ኢሉ ሓሳቡ ከካፍለሉን ክመኽረሉን ዘፍቅድ ኩነታት የለን፡ ሃገር ብሰይጣውንቲ ዝተባሕተት ኢያ ኮይና ዘላ።

ነዚ ህዝቢ እዚ ካብ ሽግር ከተውጽእን፡ ነዛ ሃገር እዚኣ ካብ ዘላቶ ኩነታት ናብ ንቡር ክትመልስን ዘድሊ ዘድሊ ዘሎ ልቦና ብጣዕሚ ዓቢ ኢዩ፡ እቲ ኩሉ ዘይሳኣና ኤርትራዊ ብዓል ሕልና ግን እንቋዕ ብውሑዱ ኣብ ወጻኢ ትኣኪቡ ብዛዕባ ሃገሩን ምእንቲ ህዝቡን ንኽዝቲ ኣብቅዖ እምበር ደጊም እቲ ኣፍ ደገ ተኸፊቱ ኢዩ፡ ዘተ ተጀመረ ማለት ሽግር ተባረረ ማለት ኢዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንጉዳዩ ባዕሉ ክውስን ዝኽእለሉ ዕድል ብዘይ ምርካቡ ኢዩ ኣብ ሽገር ዝነብር ዘሎ እምበር ስለ ዝሓመቐ ኣይኮነን።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ኩሉ እናተራገመ ዝድቅስ ዳኣምበር፡ ተሓጉሱ ዝሓድር ስለዘየለ፡ ብኤርትራውያን ዘተ ተጀሚሩ ክብሃል ከሎ ከም ነጻነት መጺኡ ዘስምዕን፡ ኩነታት ዘፍቅድ እንተዝኸውን ዝዕለሎን ዝጉይለሎን ምኾነ፡ ግን እቲ ዘሎ ኩነታት ንኻብ ህዝቢ ዝተስኤ ሓጎስን ዳንኬራን ዘፍቅድ ኣይኮነን።

ሎሚ እቲ ውድበይ ውድብካ ዝብል ማዓልቱ ከእክል ኣለዎ፡ ምኽንያቱ ህዝቢ ከም ባይታ መቃለሲ ዘይኮነስ ከም ንህዝቢ ከፋፋሊ ጌሩ ይጥምቶን ካብ ቃልሲ ይርሕቕን ኣሎ ፡ ስለ'ዚ ዘረባናን ሓሳብናን መንግስትና ከመይ ይመስል፡ ብኸመይከ ብሕጊ ዝግዛእ ዱልዱል ስርዓት ንተክል፡ ኣብ ዝብል ከትኩር ኣለዎ። እዚ ንኽንገብርከ እንታይ እንታይ የድልዩና ብምባል፡ ኩሉ ካብ ናይ ውድድር መንፈስ ብምርሓቕ ብዛዕባ እቲ ክድሕን ዘለዎ ህዝብን ብዛዕባ እቲ ክትከል ዘለዎ መንግስትን ከመይ ይኹን ኢልካ ዘምሕሳብ የድሊ።

ክብርን ዝኽርን ንስውትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና